# ሕድሪ ከይጥለም

2-7-2009 ብፍስሃየ ሓጎስ

መግዛእቲ ባዕዲ - ጭቆና መሪሩና
መሰልና ገፊፎም ሰብኣዊ ክብርና
ስምዒትና ገንፊሉ ብረት ኣልዒልና
ሰውራ ኣበጊስና ውግእ ኣባሪዕና
ተኸፊሉ መስዋእቲ ምስ ስንክልና
ናጽነት ዓቲርናዮ ብቓልስና ብደምና
ኣሕዋት ተመስገኑ ኣሓት ተመስገና።

ርሱን ጉብዝና ብኒሕ ዝሃምም
ሕቖ መግዛእቲ ክሰብር ክድርዕም
ወዶም ጓሎም ንሜዳ ውሒዞም
መግዛእቲ ደምሲሶም ናጽነት ጨቢጦም
ኣሽሓት ተሰዊኦም ኣሽሓት’ውን ሰንኪሎም
ውዕልና እዩ ኔሩ ከይንጣለም
ሞያኹም ህያው’ዩ ኣለና ንበሎም።

እግሩ ተሓምሺሹ ኣይክእልን ተዛዊሩ
ብቦምባ ብባሩድ ኣዒንቱ ዓዊሩ
ከይግልበጥ ሕቖኡ ተሰይሩ
ዓራት ሒዙ ክጥምት ኣንቃዕሪሩ
ጣዕሳ የብሉን ግቡኡ’ዩ ጌሩ
ነቲ ዘፍቅሮ ህዝቢ ንሃገሩ።

ምእንቲ ሃገር ስለ ህዝቢ ከቲቱ
ክዋጋእ ተወቒዑ ጕዲሉ ኣካላቱ
ዘመድ የብሉን ብዘይካ ብጾቱ።

ኣይክእልን ወፊሩ ሰሪሑ ክኣቱ
ዝናብዮ የለን ዝቕርበሉ ድልየቱ
ብባዕዲ ጠፊኦም ስድራ ቤቱ
ንርኣያ ነብስና ኣብ ዥነታቱ

እታ ጎርዞ ብጸይቲ በዓልቲ ግርማ
ዅሉ ገዲፋ ሃገር ኣቐዲማ
ኣብ ጎኒ ብጾታ ብረት ተሰኪማ
ንስለ ናጽነት ተኹሳ ሃጂማ
ብጾታ ዘድሓነት ጸጊና ሓኪማ
ተሰዊኣ ሰንኪላ ንቅዱስ ዕላማ።

ናይ ሻዕብያ’ዶ ናይ ጀብሃ ከይፈለና
እዚኦም’ዶ ቲ’ኦም ከይበልና
ዅሎም ዝሰንከሉ ንሓደ ዕላማ
ብውግእ ብባህሪ ኣካል-ጽጉማትና
ክንጸሮም ክንኣልዮም ሓላፍነትና
ብቓል ጥራይ ዘይኮነ ብተግባርና
ንድሕነቶም ነወፊ ከይወዓልና ከይሓደርና
ንሱ እዩ’ቲ ሕድሪ፣ ሰብኣዊ ሕልና

ኣብ ምሕጋዝ ስንኩላን ከይተደረትና
ፍልልያትና ሰሪዕና ወጊንና
ዅሉ ዓቕምታትና ኣወሃሂድና
ንምልካዊ ስርዓት ጕሒፍና
ብፍትሓውን ዲሞክራስያውን ተኪእና
ራህዋን ሰላምን ክሰፍን ኣብዛ ንእሽቶ ሃገርና
ኣብ ኢድ ዲክታቶር ኣይኮነን፣ ኣብ ኢድና
“እወ ንኽእል ኢና” ጭርሖ ኦባማ ተኸቲልና።